ኮሚሽነር ናይ ፈደራላ(ዊት) ረፑብሊክ ጀርመን
ንፍልሰትን ስደተኛታትን
ውህደትን

# ብዛዕባ ኮሮናቫይረስ እንታይ ክትፈልጡ የድልየኩም

## ናይ ባህሪ ምኽርታት፡ ሕጊ ዕዮ ከምኡ'ውን ማሕበራዊ ድማ ስርዓታት ጉዕዞ ኣብ ቀላሕታ

ኣብዚ ሓበሬታ ብዛዕባ ናይቲ ፈደራላዊ መንግስቲ CORONA ናይ መጠንቀቕታ ኣፕ ብመበቆላዊ ቋንቋኹም ኣሎ።

www.integrationsbeauftragte.de/
corona-warn-app

# ጥዕና

### ንገዛእ ርእሰይን ካልኦትን ብኸመይ ክከላኸል ይኽእል፧

ዝኾነ ሰብ ነቲ ኮሮናቫይረስ ኣብ ምቅላስ ክሕግዝ ይኽእል። ምስ ካልኦት ሰባት ዘለኩም ርክብ ብዝተኻእለ መጠን ትሑት ይኹን ከምኡ ድማ ንገዛእ ርእሱኹም ምስ ዘይቀየሩ ጉጅለ ሰባት ሕጸርዋ። እዚ ነቲ ለበዳ ንምውጋድ ዘኽእል እንኮ መንገዲ እዩ። ኣዝዩ ኣገዳሲ መዘኻኸሪ፧

- ኣእዳውኩም ተሓጸቡ (እንተውሓደ ን20 ካልኢታት)
- 1.5 ሜትሮ — እንተውሓደ ናይ 1.5 ሜትሮ ርሕቀት ካብ ካልእ ሰባት ሓልዉ።
- ናይ ኣፍን ኣፍንጫን መሸፈኒ ግበሩ።
- ናብ ውሽጢ ኩርናዕ ኢድ ወይ ናብ መንዲል ሰዓሉ ወይ ሃንጥሱ።

### እቲ ቫይረስ ብፍላይ ንመን'ዩ ሓደገኛ፧

- ኣቐዲሙ ሕማም ንዝለዎም ሰባት (ንኣብነት ናይ መትነ-ልባዊ ሕማማት፡ ሽኮርያ፡ ሕማማት ናይ ስርዓተ ምስትንፋስ፡ ጸላም ከብድን ኩሊትን ከምኡ ድማ ሽኮርያ)፣
- ዝተዳኸመ ስርዓተ ምክልኻል ሕማም ንዘለዎም ተሓከምቲ (ብሰንኪ ሕማም ወይ ከም ኮርቲሶን ዝኣመሰለ መድሃኒት)፣
- ዕድመ ንዝደፍኡ ሰባት።

### እንተድኣ ተለኺፈ ኣለኹ ኢለ ዝሓስብ ኮይነ እንታይ ይገብር፧

እቲ ኮሮናቫይረስ ከምዘለዎ ብመርመራ ምስ ዝተረጋገጸ ሰብ ርክብ ነይርኩም ድዩ፧ እምብኣር ንናይ ከባቢኹም ክፍሊ ጥዕና ብኡ ንብኡ ብተሌፎን ርኸብዎም! ዋላ'ውን ምልክታት ናይ ሕማም ዘየለዉ ይኹኑ። እቲ ክፍሊ ጥዕና ብኸመይ ክትምርመሩ ከምትኽእሉ ይገልጽ። ክሳብ ውጺኢት ዝመጽእ፡ ኣብ ገዛ ጽንሑ!

# ህዝባዊ ህይወት

**ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ግብራዊ ዝኾውን እንታይ እዩ፧**

መጠንቀቕታ፡ ኣብ መጻኢ ምጥሓስ ናይ ማስክ ግዴታ ብውሑዱ ክሳብ 50 ኤሮ ከቕጽዕ ይኽእል።

**ኣብ ኣጋጣሚታት ወይ ሃይ ማኖታዊ ትካላት ክሳተፍ ይኽእል’ዶ፧**

እንተውሓደ ናይ 1.5 ሜትሮ ርሕቀት ሓልዉ ምስ ካልኦት ሰባት ዘለኩም ርክብ ከኣ ደርቱ። ኣብ ውሱናት ህዝባዊ ቦታታት ከም ከባብያዊ ህዝባዊ መጓዓዝያ ዝኣመሰሉን ካብ ድኳን ኣብ ትዕድግሉ እዋንን፡ ናይ ማስኬራ ምግባር ግዴታ ግብራዊ ይኸውን።

ድኳናትን ኣብያተ-ምግብን እውን ነቶም ናይ ርሕቀትን ጽሬትን ሕግታት ክኽተልዎም ኣለዎም። ብሓፈሹ ኩሎም ቀንዲ ንጥፈታት ክሳብ 31 ታሕሳስ፡ 2020 ተኸልኪሎም ኣለው።

ንኣገልግሎታትን ኣጋጣሚታትን ናይ ጽሬትን ርሕቀትን ሕግታት ክስዓቡ ኣለዎም። ሃይማኖታዊ ጽንብላት ኣብ ንኣሽቱ ጉጅለታት ክካየዱ ይኽእሉ።

እተን ፈደራላዊ ክፍላተ ሃገር እንታይ ከምዝፍቀድ’ውን ይቆጻጸራ - ዝያዳ ጽኑዓት ሕግታት’ውን ክትግበሩ ተኽእሎ ኣሎ እንተድኣ እቲ ከባብያዊ መስርሕ መልከፍቲ ነዚ ዝጠልብ ኮይኑ። ብኽብረትኩም ዝያዳ ሓበሬታ ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ናይቶም መንግስታት ናይ ክፍለሃገራት ርኣዩ።

# ስራሕን ገንዘብን

**ኣስራሕየይ ብምኽንያት ኮሮናቫይረስ ንግዚኡ እን ተዓጽዩ እንታይ የጋጥም፧**

ብመትከል፡ ንሳቶም ገና ክኸፍልኹም መሰል እዩ፡ ዋላ’ውን ክሰርሑ ዘይክእሉ እንተኾኑ።

**እንተድኣ ስራሕ-ኣልቦ ኮይነ እንታይ ይገብር፧**

እንተድኣ ስራሕ-ኣልቦ ኮይንኩም፡ ናብ ናይ ስራሕ ማእከልኩም ወይ ናይ ስራሕ ወኪል ትካልኩም ክትሕብሩ ኣለኩም። ናይ ስራሕ ማእከላትን ወኪላት ዕዮታትን ምስራሕ ክቕጽሉ እዮም፡ እንተኾነ ግን ኣብ ህጹጽ ጉዳያትን ብቖጸራን ጥራይ ኣጋይሽ ይቕበሉ። ከም ስራሕ-ኣልቦ ብመገዲ ተሌፎን፡ ደብዳበ ወይ ኦን ላይን/ብመስመር ኢንተርነት ክትምዝገቡን ንኽሎም መመልከቲ ትኩም ከኣ ኣብ ኦንላይን/መስመር ኢንተርነት ክተቕርብዎምን ትኽእሉ። ኣገዳሲ መዘኻኸሪ፡ እቶም ሕግታት ናይ ሓለዋ ኣንጻር ምብራር ኣብ እዋን’ቲ ኮሮና እውን ግብራውያን እዮም።

**ኣስራሕየይ ናይ ሓጺር-ግዜ ስራሕ እንተፍቂዱ እንታይ የጋጥም፧**

ኣስራሒኹም ናይ ሓጺር ሰዓት ስራሕ እንተድኣ ኣዚዙ፡ ክሳብ 24 ኣዋርሕ ዝበጽሕ ናይ ሓጺር ሰዓት ስራሕ ኣበል ክትቕበሉ ትኽእሉ። ክሳብ ናይ 87% ናይቲ ተረኽብዎ ዝነበርኩም ኣታዊ ምስኣን ክበጽሕ ይኽእል። እቲ ብቑዕ ወኪል ስራሕ ክሎም እቶም ቅድመ ኩነት ንክፍሊት ናይ ሓጺር-ግዜ ናይ ስራሕ ኣበላት ተማሊኦም ኣለዉ ድዮም ኣይተማልኡን ነፍስ ወከፍ ጉዳይ ብምርኣይ የረጋግጽ።

**ንኩባንያይ እንታይ ሓገዝ ክረክብ ይኽእል፧**

Kreditanstalt für Wiederaufbau (KfW) ዝተፈላለዩ ሕሱራት ዋኒነ-ትካላዊ ልቓሓት ይህብ። ብኽብረትኩም ናይ KfW ልቓሓት ክምድበልኩም ንዝኽእል ናይ ገዛ ባንክ ወይ ናይ ኣከፋፍላ ገንዘብ መሻርኸቲ ርኸቡ። መጠን ናይ ስልጠና ኣንፈታት ምስናይ ሓድሽ ናይ ስልጠና ኣንፈት ዘውሕሳ ወይ ዘዕብያ ንኣሽቱን ማእከሎትን ትካላት ገንዘባዊ ሐገዝ ይረኽባ።

**ናይ ገዛእ ርእሶም ስራሕ ዘለዎም (ተቖጺሮም ዘይሰርሑ) ከምኡ ድማ ንኡስ መራሕቲ ዋኒን እንታይ ይረኽቡ፧**

ምቹእ ናይ ልቓሕ ቅድመ ኩነት ዘለዎ ፍሉይ ናይ KfW ፕሮግ ራም፡ ድጎማታት ንወጻኢታት ስራሕ፡ ውሕስነታት ምስቲ ተሳ ታፍነት ናይቲ ፈደራላዊ መንግስቲ፡ ስጉምትታት ሓገዝ ግብሪ ወይ ናይ ደገፍ ጥማር ሓገዝ ንጀመርቲ ትካላት ኣሎ። ተወሳኺ ደገፍ ምስ ኮሮና ንዘተኣሳሰሩ ክሳራ ናይ መሸጣታት ብግሊ ንዝ ምወላ ባህላዊ ትካላት ንመኽሰብ ንዘይሰርሓ ውድባትን፡ ንኣብ ነት ንናይ መንእሰያት ሆስተላት፡ ድኳናት ማሕበራዊ ክፍሊ ወይ ሓቐፍቲ ዋኒናት።

### ንተምሃሮ እንታይ ደገፍ ኣሎ፧

ኣብ ከቢድ ገንዘባዊ ጸገም ዘለዉ ተምሃሮ ካብቲ Studierendenwerk ህያብ ንምርካብ ከመልከቱ ይኽእሉ። ንሱ 500 ዩሮ ንወርሒ ክሳብ ንሰለስተ ኣዋርሕ ክውሃብ ይኽእል። እቲ ልቓሕ ተምሃራይ KfW እውን ኣሎ፡ ሕጂ ዋላ'ውን ንወጻእ ተኛታት ተምሃሮ።

### ናይ ቆልዓ ኣበል ንምርካብ ከመልክት ይኽእል'ዶ፧

እንተድኣ እቲ ኣታዊ ንኣኹም ጥራይ ዝኣክል፡ ንብምልኡ እቲ ስድራቤት ግን ዘይኣክል ኮይኑ፡ ናይ ቆልዓ ኣበል ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብዘም እዋናት እዚኦም፡ እቲ ናይ መወዳእታ ወርሓዊ ኣታዊ ጥራይ እዩ ንሓደስቲ መመልከቲታት ዝርአ። እዚ ሕጊ እዚ ብግዜ ዝድረት እዩ። ወለዲ ናይ ሓደ እዋን ናይ 300 ዩሮ ኣበል ንሓደ ቆልዓ ይቕበሉ። እቲ ኣበል ኣብ ማሕበራዊ ሓገዛት ዝቝጸር ኣይኮነን። እቲ ክፍሊት ብኣውቶማቲካዊ ኣገባብ ይካየድ።

# ምእታውን ምውጻእን

**ናብ መበቆል ሃገረይ ክኸይድ ይኽእል'ዶ፧**

ኣድለይቲ ዘይኮኑ ናይ ግልን ናይ ቱሪስትን ጕዕዞታት ምውጋድ ክቕጽል ኣለዎ። ብኽብረትኩም ቅድሚ ጕዕዞኹም ብዛዕባ ህሉው ናይ ምእታው ደረታትን ናይ ዶብ ቁጽጽርን ኣብ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ከምኡ ድማ ናይ ፈደራል ሚኒስትሪ ኣረጋግጹ።

ኣየኖት ሃገራት ኣብ ናይ ሓደጋ ወይ ሪስክ ቦታ ይርከባ፡ ኣብዚ ክርከብ ይኽእል https://www.rki.de/DE/Content/InfAZ/N/Neuartiges_Coronavirus/Risikogebiete_neu.html

**ናብ ጀርመን ኣብ ዝምለሰሉ እዋን እንታይ ኣብ ግምት ምእታው የድልየኒ፧**

ንነፍሲ ወከፍ ካብ ሓደጋ ወይ ሪስክ ዘለዎ ቦታ ናብ ጀርመን ዝኣቱ፡ ካብ ገዝ ኣይትውጽኡ፡ ዝኮነ ጋሻ ክትቀበሉ ኣይፍቀደኩምን ከምኡ ድማ ብቐጥታ ናብ'ቲ ኣብ ዞባኹም ዘሎ ክፍሊ ጥዕና ሓብሩ። ነቲ ውሸባ ብናይ ናጻ ካብ ኮሮና ዝብል መርመራ ክትፍጽምዎ ትኽእሉ ኢኹም። ናብ 116 117 ብምድዋል ኣበይ ክትምርመሩ ከምትኽእሉ ክትፈልጡ ትኽእሉ ኢኹም። መጠንቀቕታ፡ ኣብ መጻኢ ምጥሓስ ናይ ማስክ ግዴታ ከቕጽዑ እዮም።

**ኣብ ግዜ ግድነታዊ ውሸባ ንኣታውየይ መን ይኸፍለኒ?**

ኣብ ግዜ ግድነታዊ ውሸባ፡ ኣብ'ቲ ክትሰርሑሉ ዘይትኽእሉ ግዜ ብሓፈሹ ደሞዝኩም ወይ ካሕሳ ምኽፋል ክቕጽል ይፍቀደኩም እዩ። [Störer] መጠንቀቕታ፡ እንተዳኣ ብመገሻ ትበጽሕዎ ቦታ ቅድሚ ዕረፍትኹም ከም ናይ ሓደጋ ወይ ሪስክ ቦታ ተባሂሉ ተሰይሙ ኣብ መጻኢ ናይ ደሞዝ መተካእታ ኣይፍቀደኩምን እዩ!

### እቲ መንግስቲ እንታይ ይገብር ኣሎ፧

እቲ ፈደራላዊ መንግስትን እተን ፈደራላዊ ክፍላተሃገርን ነቶም ቁጠባውን ማሕበራውን ሳዕቤናት ናይቲ ለበዳ ኮሮና ንምፍኳስ ልዕሊ € 1 ትሪልዮን ሓገዝ ይህቡ ኣለዉ።

### ብዛዕባ እዘም ኣርእስታት እዚኦም ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ኣተኣማማኒ ሓበሬታ ኣበይ ክረክብ ይኽእል፧

ኢንተርነት ቤላቤለዋትን ናይ ሓሶት ዜናን መሊኡ ኣሎ ብመገዲ ናይ ዕላል ጕጅለታት ከኣ ብቕልጡፍ ይዝርግሑ ኣለዉ። ህሉው ሓበሬታ ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ኣተኣማመንቲ ዝኾኑ ኣብዚ ዝስዕብ ክርከቡ ይኽእሉ፥
**www.integrationsbeauftragte.de/corona-virus** ከምኡ ድማ **www.eu-gleichbehandlungsstelle.de/corona-virus**.

www.integrationsbeauftragte.de/corona-virus

www.eu-gleichbehandlungsstelle.de/corona-virus

**ኣዳላዊ፥**
ባዓል መዚ ናይ ፈደራላዊት መንግስቲ ንስደትን ስደተኛታትን ውህደትን

**ዕለት፥**
28.08.2020